## ዜና ነሓሰ 21፡ 2007

### ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዋሽንግተን እቲ ሒዛቶ ዘላ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ፖሊሲ ደው ክተብሎ ኣለዋ ይብል፡፡

ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ መንግስታዊ ተለቭዥን ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ምምሕዳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ነቲ ናይ ምዕብላል ፖሊሲኣ ኽትብል ኣብ ዓለም ዕግርግር ትፈጥር ኽምዘላን እዚ ኣካይዳ እዚ ድማ ሓደገኛ ምዃኑን እዚ ናይ ጣልቃ ምእታው ተግባራታ ደው ኽተብሎ ኣለዋ ይብል።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ ዋሺንግተን ኣብ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ብምዃን ኣብቲ ዶባዊ ረጽሚ ዓቢ ኢድ ኽምዘለዋን ኣብ ሶማልያ ድማ ጣልቃ ብምእታው ኣብታ ሃገር ናዕቢ ንኽበዝሕ ኽም ቀንዲ ኣባራዒት ናይቲ ዕግርግር ኾይና ‘ያ ኢሉ ይኸስስ።

እዚ መግለጺ እዚ ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ ዲፖሎማት ኣብ ኣፍሪቃ ጃንዳይ ፍሬዘር መንግስቲ ኣሜሪካ ንኤርትራ ናብ ጸሊም መዝገብ ናይ “ግብረ ሽበራውያን ሃገራት” ንምእታው ስርሑ ጀሚሩ ኣሎ ኢላ መብርሂ ምስ ሃበት ዝወጸ መግለጺ’ዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ምምሕዳር ኣስመራ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራትን ውድባትን ተርእዮ ዘላ ናይ ዲፕሎማስያዊ ረጽሚ እታ ሃገር ኣብ ሕማቕ ናይ ምንጻል ደረጃ ትርከብ ኣላ።

### ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓቃቢ ሰላም ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ሶማልያ ክጸንሕ ውሳኔ የሕሊፉ።

ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምሉእ ድምጺ ዓቃብ ሰላም ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ተለልኮኡ ኣብ ሶማልያ ክናውሐ ወሲኑ።ብዘይካዚ እቲ ውድብ ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ባን ኪ ሙን እቲ ኣብ ሶማልያ ዘሎ ዓቃብ ሰላም ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብዓቃብ ሰላም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝትክኣሉ መንገድታት ከቀላጥፎ ጸዊዑ ኣሎ ኽብል መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ይሕብር።

ብዘይካ'ዚ እቲ መርበብ፣እቲ ጉባኤ፣ሃገራት ኣፍሪቃ ወተሃደራተን ናብ ዓቃብ ሰላም ሓድነት ኣፍሪቃ ክጽንብራ ተማሕጺኑ።እቲ ውድብ፣ዝኾነት ናብታ ናይ ኣጽዋር እገዳ ዝተገብረላ ሃገረ ሶማልያ ኣጽዋር እትልእኽ ሃገር ወይ ኣብቲ ናይ ሰላም መስርሕ እንቅፋታት እትገብር ሃገር ስጉዩምቲ ክውሰደላ ውሳኔ ህሊፉ ኣሎ፣እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ኸምዝውሰድ ግና ብንጹር ኣየብርሀን።

እቲ ዜና ብተወሳኺ፣ ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ወተሃደራት ሕብረት ኣፍሪቃ ብዓቀብቲ ሰላም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ምትካእ ሓሳብ ብተሪር ተቓዊምዎ ይብል።

ብሰንኪ ኣብ ከተማ ሞቓድሾ ዘሎ ህውከት ኣብ ዝሓለፉ 4 ኣዋርሕ ጥራይ ልዕሊ 400፣000 ነበርቲ እታ ኸተማ ሃዲሞም ኣለዉ።